





# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ












ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 1-2 ሉቃ 1-2

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፡130

**ጸሓፊ** Edward Hughes
**ገላጺ** M. Maillot

**ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡ ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ**
**ኣወሃሃዲ** E. Frischbutter; Sarah S.

**ዛንታታት ካብ** 36 **ክሳብ** 60

**M1914.org**

**ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡**

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

**እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።**

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፧ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

**ትግርኛ** Tigrigna







″እዚ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ኣዩ?″ ማርያም ብምግራም ሓተተቶ ″ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ″ እቲ መልኣኽ ድማ መንፈስ ቅዱስ ክወርደኪ ሓይሊ እቲ ሉዑል ክጽልለኪ። እቲ ዝወለድ ድማ ወዲ ልዑል ኣምላኽ እዩ።
3
ወሲኹ እቲ መልኣኽ ንማርያም እታ ዘመድ'ኺ ኤልሳቤጥ ኣብ እርግንኣ ወዲ ጠኒሳላ በለ።
4
እዚ ከኣ ተኣምርዩ ንዓ'ኺውን ከምኡ፡ ማርያም ብኡ ንብኡ ተቀላጢፍ ንኤልሳቤጥ በጽሓታ። ብሓደ ሓቢረን ድማ ንኣምላ'ኽ ኣመስገንኦ።
5
ማርያም ድማ ንዮሴፍ ዝበሃል ሰብኣይ ተሓጽያ ነበረት። ጠኒሳ ምስ ረኣያ ኣዝዩ ጉሃየ ምናልባት ካልእ ሰብ ዘጥነሳ መሲሉዋ ነበረ።
6
እግዚኣብሄር ግና ጸገም ዮሴፍ ተረዲኡ ብሕልሚ ከምዚ ኢሉ ነገሮ እቲ ማርያም ጠኒሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ዮሴፍ ድማ ንማርያም ወሲዱ ተ'ኸና'ኸና።
7
ዮሴፍ ንእግዚኣብሄር ኣመኖን ተኣዘዞን፡ ነቲ ሕጊ ናይ ዓዲ' ውን ተኣዘዞ።
8
ብምኽንያት ዝተዋህበ ኣዋጅ መንግስቲ ግብሪ ክኸፍልን ክጻሓፍን ናብ ዓዱ ቤተልሄም ከደ።
9
ማርያም ድማ ንሕርሳ ተቀራረበት ኣብቲ ዝገሸዎ ዓዲ ግና መዕረፊ ኣጋይሽ ኣይረከቡን። ኵሉ ብኣጋይሽ መሊኡ ጸነሖም።
10
ዮሴፍ ድማ በቲ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስምዑ ዕረፍቲ ረከቦ። ኣብ ጊዚኡ ድማ እቲ ህጻን ኢየሱስ ተወልደ። መዕረፊ ስለ ዘይነበሮም ግና ኣብ መብልዕ ማል ወለደቶ።
11
ኣብቲ ከባቢ ድማ ከብቶም ዝሕለው ጓሶት ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮም እቲ ዓቢ ሓጎስ ልደት የሱስ ክርስቶስ ድማ ኣበሰሮም።
12
ኣብ ዓዲ ዳዊት መድሓኒ ክርስቶስ ተወሊዱ ኣሎ ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ኣብ መብልዕ ማል ክትረክብዎ ኢ'ኹም በሎም።
13
ብድንገት ድማ ብዙሓት መላእ'ኽቲ ምስኡ ኮይኖም ከምዚ እናበሉ ኣመስገኑ ″ክብሪ ንኣምላ'ኽ ይ'ኹን ኣብ ላዕሊ ስምረቱ ድማ ምስቶም ኣብ ምድሪ ዘለዎም ሰባት ይ'ኹን″ በሉ።
14
እቶም ጓሶት ድማ ተቀላጢፎም ክርእዩዎ ከዱ። ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ብዓለባ ተጠቕሊሉ ረኣዮዎ፡ እዚ ምስ ረአዩ። ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ።
15
ድሕሪ 40 መዓልቲ ምንጻህ ድማ ነቲ ህጻን የሱስ ናብ መቅደስ ኢዮርሳሌም ኣምጽእዎ። ስምኦን እቲ ምጽንናዕ እስራኤል ዝጽበ ዝነበረ ድማ ነቲ ህጻን ሓቑፉ ንኣምላ'ኽ ኣመስገነ ከምኡ' ውን ሃናን ካልኦትን ንእግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣመስገኑ።
16
በዚ ከኣ ዮሴፍን ማርያምን ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሄር ም'ዃኑ ፈለጡ፡ ዮሴፍ ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር እተባህለ 'ሸኣ, ክልተ ባሬቶ ንመስዋእቲ ኣ'ቕረበ።
17
ሰብ ጥበብ ድማ ኮኮብ ኣብ ምብራቅ ርኢና እሞ ክንሰግደሉ ″እቲ እተወልደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ″
እናበሉ ካብ ምብራ'ቕ ናብ የሩሳሌም መጹ።
18